tigrinya

ptz
stiftung pädagogisch-
therapeutisches zentrum



# ንህፃናትን ወለድን ዝግበር ቅድመ ሓገዝ ወይ ደገፍ



ድሕሪ ወሊድ ይኹን ኣብ ዕድመ ዕሸልነት ናይ ውላድኩም፣ ብብዙሓ ደስታን ፍስሃን ክትሕጎሱ ከለኹም፣ ሓደ ሓደ ግዜ ዳም ሓደስቲ ብደሆታትን መሰናኽላትን ከጋጥምኹም ይኽእሉ እዮም። ልሙድ ዘይኮነ፣ ሓደ ሓደ እዋን'ውን ንዓቕልኹም ዝፈታተኑ ኣጋጣሚታት፣ ዋላ'ውን ዓቕልኹም ፈጺሙ ክሳብ ዝጽንቐቕ ክሳብ እትኾኑ ግዜያት ከጋጥምኹም ይኽእሉ ኢዮም። ብዛዕባ እዞም ኩነታት እዚኣቶምዶ ትሻቐሉ ወይ ትሓስቡ ዶ? ከምኡ'ውን ብዛዕባ ድሕነት ይኹን ምዕባለ ናይ ዕሸልኩም ትጠራጠሩዶ ወይ ድማ ዝኾነ ከም ስኽፍታ ዝኣመሰለ ነገር ተሕድሩ ዶ?

ነዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ኩነታት ንምፍታሕን ንምቕላልን፣ ንክሳብ 4 ዓመት (0 ክሳብ 4 ዓመታት) ዝዕድሚኦም ዘለዎም ወለዲ፣ ሞያዊ ምኽርን ማዕዳን፣ ከምኡ'ውን መምርሕን፣ ደገፍን፣ ወይ ድማ ሓገዝን ንህብ ኢና። ድሌታት ውልድኩም ብግቡእ ንምርዳእን፣ እቲ ዕሸል ዘርእዮም ምልክታት ብቐሊሉ ንምስትውዓልን ክትክእሉ ምእንቲ፣ ንኣብነት ከምዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ምልክታት ምስ ዘርኢ፣ ብኽመይ ክትርድእዎ ከምዘለኩም ሓገዝ ንህብ።

- ውላድኩም ሱቑ ኢሉ ምስ ዘዕለብጥ፣ ዘይርጉዕ ምስ ዝኸውን፣ ንበይኑ ጽቡቕ ድቃስ ክድቅስ ኣብ ዘይክእለሉ እዋን፣ ወይ ድማ ፈጺሙ ድቃስ ከኣብዮ እንከሎ
- ውላድኩም እንተ ዝፈርሕ ኮይኑ፡እንተ ዝንድር ወይ ዝቑጣዕ ኮይኑ፣ ብርቱዕ ብኽያት ምስ ብዙሓ ንብዓት ጀሪው እንዳበለ ምስ ዝበኪ፣ ምእባድ ወይ ምህዳእ ምስ ዘይክእል
- ውልድኩም ልኡም ኣብዝኾነሉ እዋን፣ ምስ ሰባት ብቐሊሉ ዘይሕወስን ዘይቀርብን (ንኣብነት ዘይሕቆፍን ዘይሕዘልን ምስ ዝኸውን)፣ ከምኡ እውን ምስ ኣከባቢኡ ዘሎ ኩነታት ዘይዋሳእ ምስ ዝኸውን
- ውልድኩም ነበይኑ ክጻወት ምስ ዘጸግሞ፣ ማለት መጻወቲ ሕዙ ወይ ብመጻወቲ ንበይኑ ክጻወት ምስ ዘይክእል
- ውላድኩም ቁጡዕን ተሃራራሚን ወይ ድማ ምስ ከምኡ ቀልዑት ዘይሳነ ምስ ዝኸውን
- ውላድኩም መግቢ ክምገብ ኣብ ዘይክእለሉ ወይ መግቢ ምብላዕ ምስ ዝኣቢ

**ንሕና መቕርብኩምን ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ኣገልግሎታት ንምሃብ ቅሩባት ድልዋት ኢና**

- ምኽርን ማዕዳን ንእትደሊ ወላዲት፣ ምኽርን ማዕዳን ንዝደሊ ወላዲ፣ ከምኡ'ውን ብተወሳኺ ንተወካሊ ወይ ወን ኣላይ ናይቲ ዕሸል
- ንኣብ ዘይግዚኦም ዝተወልዱ ዕሸላት ዘለዎም ወለዲ
- ንናይ ኣእምሮ ጸቕጢ ዘለዎም ወለዲ





- ንዝተፈላለዩ ወልፍታት ዘለዎም ወለዲ
- ንመንእሰያት  ዝኾኑ ኣደን ኣቦን
- ንዝተፈላለዩ ወይ ዘተኣትሑ ስድራ፣ ንጽል ስድራ ዝኾኑ ወለዲ (ኣደ ንበይና ደቃ እተዕቡ ወላዲት ወይ ወን ንበይኑ ደቁ ዘዕቢ ወላዲ)

**ነዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም፣ ብሽምዚ ዝስዕበ ኣገባብ ሞያዊ ምኽርን፣ ማዕዳን፣ ሓገዝን ንልግስ**

- ኣብ ዓራት ሒዞም ዝሕከምሉን ኣገልግሎት ንበጻሕቲ ዘወሃበሉ ሆስፒታላት (ከም ኣብ እንዳ ህፃናት፣ ኣብ ዘይመዓልቶም እተወልዱ ዕሸላት ክንክን ዝረኽብሉን ክፍልታት ሆስፒታል)
- ኣብ ቤትኩም
- ምኽሪ ኣብ ዘወሃበሉ ሰዓታት ሥራሕ
- ሓገዝ በብጉጅለታት ኣብ ዘወሃበሉ ኣጋጣሚታት (ንኣብነት ከም ናይ ወልዲ ምትእኽኻባት ኣጋጣሚታት)
- ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መውዓሊ ህፃናት፣ መጻወቲ ህፃናት፣ መጸንሒ ህፃናት ወይ መትሓዚ ቆልዑት፣ ቆልዑት መዓልታዊ ምክንኻን ዝረኽብሉ

ንህፃናትን ወለድን ዝግበር ቅድመ ሓገዝ ወይ ደገፍ፣ ንምዕባለ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምኽርን ግስጋሴን (ዕቤትን) ተባሂሉ ዝወሃብ ሓገዝ ኰይኑ፣ ልክዕ ከምቲ ብሓካይም፣ ብመሕረስቲ፣ ወይ እውን ብምኽሪ ንኣደን ኣቦን ዝወሃብ ኣገልግሎት፣ መመላእታን መወሰኽታን ናይቲ ብሕክምናዊ ኣገልግሎት ረዲኤንን ሓገዝን ኢዩ። እዚ ድማ ብቐንዱ ንድሕነትን ውሕስነትን ናይ ዕሸል ወይ ህፃን ንምርግጋጽ፣ ከምኡ እውን ንወለድን ዝዓለመ ሓገዝ ኢዩ። ንኣብ እዋኑ ዝወሃብ ሓገዝን ደገፍን፣ ከምኡ እውን ንተወሳኺ መምርሕን ኣገባብን (መብርሂታት ይኹን ምኽርታት ከምኡ እውን ረዲኤት ንምርካብ)፣ ምስ ህልው ኩነታት ናይ ስድራ ከም ዝሰማማዕ ኮይኑ ኢዩ ዝዳሎ።

ኹሉ እንህቦ ኣገልግሎት ሓገዝ ይኹን ኣግለግሎት ምኽሪ ፣ ብነጻ ኢዩ ዝወሃብ። ምስጢራውነት ናይ ተጠቀምቲ ሓገዝ፣ ወይ ተሳተፍቲ ኣገልግሎት ምኽርን ሓገዝንን፣ ኩሉ ግዜ ብምስጢር እተሓለወ ኢዩ።

ንሕና፣ ብኣቐዲምካ ከግበር ብዘልዎ ምክልኻልን፣ ንስድራቤታትን ተሓገገዝቶምን ምኽርን ማዕዳን ብምሃብን፣ ዝሰልጠና ሕጋውያን ሰብ ሞያ ኢና።



**Heilpädagogische Früherziehung**


**4102 Binningen**
Curt Goetz-Strasse 21
Tel 061 926 63 35
Fax 061 926 63 37
hfebinningen@ptz-bl.ch

**4242 Laufen**
Weststrasse 19
Tel 061 926 63 45
Fax 061 926 63 47
hfelaufen@ptz-bl.ch

**4410 Liestal**
Benzburweg 22
Tel 061 926 63 15
Fax 061 926 63 03
hfeliestal@ptz-bl.ch

**4104 Oberwil**
Mühlemattstrasse 8
Tel 061 926 63 85
Fax 061 926 63 87
hfeoberwil@ptz-bl.ch

**4153 Reinach**
Kägenstrasse 17
Tel 061 926 63 55
Fax 061 926 63 57
hfereinach@ptz-bl.ch

**Stiftung ptz**
Benzburweg 22
4410 Liestal
Tel. 061 926 63 00
sekretariat@ptz-bl.ch


ptz-bl.ch